*ጋዜጣዊ መግለጺ*

*ካልኣይ ህጹጽ ኣኼባ ሓይሊ ዕማም ኣንጻር ህ.ግ.ደ.ፋዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ*

**5 ለካቲት 2010**

**ሎሚ ዓርቢ 3 ለካቲት 2010፡ ሓይሊ ዕማም ኣንጻር ህ.ግ.ደ.ፋ.ዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ካልኣይ ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ። ሽማግለታት ሓይሊ ዕማም በቲ ኣብ ቀዳማይ ህጹጽ ኣኼባ ዝሓለፉ ዉሳነታት መሰረት ብምግባር ሰለስቲኤን ሽማግለታት ነቲ ዝተዋህበን ሓላፍነት ጸብጻበን ኣቕሪበን**

1. **ካብ'ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣስታት 17 ሺሕ ዝጽግዑ ኤርትራዉያን ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 8 ዓመታት ናይ ፖለቲካ ጽግዕተኛ ብምሕታት ናይ መንበሪ ፍቓድ ከምዝተዋህቦምን፡ ካብኦም ናብ ኤምባሲ ናይ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምኻድ ናይ ጣዕሳ ቕጥዒ ብምምላእ ምስ'ቲ ስርዓት ጥቡቕ ርክብ ብምግባር ይሰርሑን ይተሓባበሩን ከምዘለዉን፡ ብተወሳኺ ኣብ ፖለቲካዉን ምጣነ ሃብታዉን መዳያት ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍን ንዉልቆምን ኣብ ዘርብሕ ስራሓት ተዋፊሮምን ልዕል ዝበለ ሓላፍነት ተሰኪሞም ይነጥፉ ምህላዎም ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።**
2. **ብዛዕባ ናይ ኣሜሪካዊ ዜግነት ዝሓዙ፡ ንጉዳይ ጉቡእን ሓላፍነትን ኣሜሪካዊ ዜግነት ብዝምልከት ሰለስቲኤን ሽማግለታት ብዝተዋሃሃደ መልክዑ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብፍላይ'ዉን ዲክታተር ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ኣሜሪካ ንዘለዎ ጽልእን ኣንጻር መንግስቲ ኣሜሪካ ንዝኾኑ ናይ ሽበራ ሓይልታት ኣብ ምሕብሓብን ምስልጣንን ምዕጣቕን፡ የካይዶ ንዘሎ ፖለቲካዉን ፕሮፖጋንዳዉን ስራሓት ምድጋፍ ብሕጊ ዘሕትት ወንጀል ምዃኑ ኣረጋጊጾን። ኣሜሪካዊ ዜግነት ዝሓዙ ኤርትራዉያን ኣሜሪካዉያን ኣብ ኤርትራ ንብረት ትካላት ምጥራይ መሰሎም'ኳ ይኹን እምበር ሕጋዊ ግቡእ ኣሜሪካዊ ዜግነት ከማልኡ ከምዝግባእ ሪኡ። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ናይ ኣሜሪካዊ ዜግነት ዘለዎም ኤርትራዉያን ብዝተፈላለዩ ሕቡእ ኣገባባት ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ሰዊሮም ዘንቀሳቐሱዎ ገንዘብ ከምዘሎ፡ ማለት ብኣይ ኣር ኤስ ዘይፍለጥ እቶት ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለየ ግላዊ ስራሓት ተዋፊሮም ዝርከቡ ኣሜሪካዊ ዜግነት ዘለዎም ኤርትራዉያን ኣብ ኣሜሪካ ዘመዝግቡዎ እቶት ኣዝዩ ዉሑድ ክነሱ ኣብ ኤርትራ ግን ብኣማኢት ኣሽሓት ንብረትን ትካላትን ዘጥረዩ ቁጽሮም ብዙሕ ምዃኑ ብመጽናዕታዊ ሰነድ ሽማግለታት ኣረጋጊጸን።**
3. **ብተወሳኺ ንሕና ኣብ ሜሪላንድን ቨርጂንያን ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ንርከብ ኤርትራዉያን ሎሚ 31 ጥሪ 2010 በቲ ክቡር ኣምባሳደር ግርማይ ገብረማርያም ዝሃበና ንህሉዉ ኩነታት ሃገርና ዘሰደምም መስርሕ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሌና ተስገዲዱ ዘሎ ዘይፍትሓዉን ዘይርትዓዉን ናይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዉሳነ 1907 ዝሃበና ዕቱብ መግለጺ ሰሚዕና ብዑምቀት ድሕሪ ምዝታይ ነዚ ዝስዕብ ዉሳነታት ብሙሉእ ድምጺ የሕሊፍና ኣሎና።**

   **(1) ነቲ ሓቅን መሰረትን ዘይብሉ ንልዑላዉነት ሃገርና ንምጽራር ብኣሜሪካ ተኣሊሙ ብሽም ባይቶ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዝተስገደደ ዘይሕጋዊ ዉሳነ እገዳ 1907 ኣትሪርና እንዳኾነንና ብዘይ ዉዓል ሕደር ክሰሓብን ክስረዝን ንጽዉዕ። ነዚ ክዉን ንምግባር ከኣ ካባና ዝድለ ዘበለ ንኽንገብር ድሉዋት ምዃንና ነረጋግጽ።**

   **(2) ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ነዚ ብሽም መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ መንግስትና መንግስቲ ኤርትራ ፈጢሩዎ ዘሎ ተጻብኦ ብዘይ ዉዓል ሕደር ደዉ ክብሎ ንጽዉዕ።**

   **(3) ልዕሊ ህላወ ድሕነትን ቅሳነትን ሃገርና ዝስራዕ ጉዳይ ስለዘየለ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ንርብሓ እዛ ብኽቡር መስዋእቲ ምሩጻት ደቃ ዝተኸብረት ክብርቲ ሃገር ንምሕላዉ እጅጌና ሰብሲብና ብንብረትናን ጉልበትናን ብብልሓትናን ጥበብናን ከምእንሰርሕ ነረጋግጽ።**

(4) ኣብ ጎኒ እቲ እምኒ መኣዝን ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን መንግስትናን ኮይንና ብኹሉ ዓቕምና ልኡላውነት ሃገርና ንምክልኻል ደዉ ኢልና ከምዘለና ነረጋግጽ።

(5) ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቐርኒ ኣፍሪቃ ነባሪ ሰላም ንምምጻእ ንዝኽተሎ ዘሎ ዉሕሉል ኣተሓሕዛ እናኣሞጎስና ኩላቶም ደለይቲ ሰላም ነዚ ኣብነት'ዚ ተኸቲሎም ንሰላምን ቅሳነትን ቐርኒ ኣፍሪቃ ክጽዕሩ ንምሕጸን።

ንዝብል ዉሳነ ህዝባዊ መኸተ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ብማለት ብወከልቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ተዳልዩ ንዝተዘርገሐ ዲኩመንት ድሕሪ ምምርማር ኣሜሪካዊ ዜግነት ዘለዎም ኤርትራዉያን ደገፍቲ፡ ሰዓብቲ፡ ተሓባበርቲ ናይ'ዚ ዉሳነ'ዚ ኮይኖም ኣብ ዝርከቡሉ እዋን ብሕጊ ዘሕትት ኣዝዩ ሓያል ሳዕቤን ከምዘለዎ እታ ሽማግለ ብዘካየደቶ መጽናዕቲ ከተነጽር ኪኢላ።

ካልእ ንዕለት 22 ለካቲት ንስርዓት ኢሳያስ ንምድጋፍ ክግበር ተሓሲቡ ንዘሎ ሰልፊ ብዝምልከት ንምስናዱ ይኹን ዝግባእ ሪፖርት ንምቕራብ ንዘድልዩ ኩሎም ነገራት ናይ ሎጂስቲክስ ናይ ፋይናንስ ከምኡ'ዉን ጉዳይ ሕጋዊ ፍቓድ ብዛዕባ ዝምከቱ ጉዳያት ኩሉ ዘድሊ ዘበለ ተዳልዩ ከምዘሎ ኣረጋጊጸ።

ኣብ መደምደምታ ሳልሳይ ህጹጽ ኣኼባ ንዝመጽእ ዓርቢ ኽካየድን፡ ብሙሉእ ድምጺ ነዚ ዝስዕብ መተሓሳሰቢ ብምቕራብ ህጹጽ ኣኼባ ተዛዚሙ።

መተሓሳሰቢ

ናይ ፖለቲካ ይኹን ናይ ሃይማኖት ብሓፈሻኡ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ዘይፍትሓዊ ምሕደራ ከም ምኽንያት ተጠቒምኩም፡

"ናብ ሃገረ ኤርትራ እንተድኣ ተመሊስ፡ ክሕረድ እየ፡ ክቕተል እየ፡ ክእሰርን ክሳቐን እየ" ዝብል ጥርዓን ብምቕራብ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ መንበሪ መሰል ዝረኸብኩምን/ክንን ኤርትራዉያን፡

1. ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምድጋፍ ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታት ካብ ምስታፍ ምቑጣብ፡
2. ንገለ ገለ ዉልቃዊ ጥቕምታትኩም ንምርዋይ ናይ ጣዕሳ ቕጥዒ መሊእኩም ምስ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ፈጢርኩሞ ዘለኹም ርክባት ምብታኽ፡
3. ዝኾነ ይኹን ይብዛሕ ይዉሓድ ብዘየገድስ ገንዘባዊ ደገፍ ንስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ምሃብ ምቑጣብ ብሓፈሻኡ ካብ ዝኾነ ይኹን ምስ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝግበር ምትሕብባር ይኹን ምድንጋጽ ንኽትቑጠቡ ብትሕትና ንሕብረኩም።

ነዚ መተሓሳሰቢ'ዚ ነጺግኩም ምስ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብምዉጋን ናይ ዘጋጥመኩም ሕጋዊ ስጉምቲ ሳዕቤን ተሓተትቲ ባዕልኹም ምኻንኩም ክትርድኡ ይግባእ። እቶም ናይ ኮሎኔልን ናይ ካፕቴንን ማዕረግኩም ሰዊርኩም ከም ሰላማዉያን ከም ሲቪልን ናይ ፖለቲካ ዑቕባ ብምሕታት ናይ መንበሪ መሰል ረኺብኩም ዘለኹም ብዓሰርተታት ትቑጸሩ ኣብ ከተማታት ዋሽንግተን ዲሲ፡ ኣብ ሲያትል፡ ኣብ ሳንፍራንሲስኮ፡ ኣብ ሚኒሶታ፡ ኣብ ኒዉዮርክ፡ ከምኡ'ዉን ኣብ ዳላስ ትርከቡ ዘለኹም ኤርትራዉያን ቀንዲ ጎስጓስትን ኣላዓዓልትን ብምኻን ተካዩዱዎ ንዘለኹም ንጥፈታት ኣቋሪጽኩም ኢድኩምን እግርኹምን ዘይትእከቡ እንተድኣ ኮይንኩም ዝወርደኩም ሳዕቤን ሓያል ምኻኑ ብትሕትና ንሕብረኩም።

ካብ ዕለት 5 ለካቲት 2010 ንድሓር ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳያት ምስ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ስርዓት ትገብሩዎ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ከቢድ ዋጋ ክትኸፍሉሉ ምኻንኩም ክትርድኡ ይግባእ።

**ሓይሊ ዕማም ኣንጻር ህ.ግ.ደ.ፋዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ**
**ኤርትራና.ኮም**
**5 ለካቲት 2010**